ሪፖርታጅ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 (ጀርመን)

ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ኣብ ጀርመን: ብዕለት 16.07.2010 ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ብወግዒ ተኸፊቱ:: እዚ ኣብ ትሕቲ „ብስራሕ - ንምክት ንግስግስ“ ዝብል ጭርሖ ክሳብ ዕለት 18.07.2010 ዝተካየድ ፌስቲቫል ብልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ: ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ብክብ ዝበል ድምቀት ኢዩ ተኸፊቱ:: ኣቶ ሓጎስ ብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን: ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ተሰንዩ ንፌስቲቫል ጀርመን 2010 ብወግዒ ድሕሪ ምኸፋቱ: ንኽብሪ እዚ ፌስቲቫል ኣብ ዝተዳለወ መኸፈቲ ጽምብል ተሳቲፉ:: እዚ መኸፈቲ ጽምብል ብተማህሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ፍራንክፈርት ብዝተዳለወ ኤርትራዊ ሳዕስዒታትን ወኒ ዘበራበረ ግጥምን ድራማን ማዕሪጉ ኣምስዩ:: ብጀካ እዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዝርከቡ ሃገራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝተዳለወት „ኣታ ስድራ“ ዘርእስታ ተዋስኦ ንምርኢት ቀሪባ:: እዛ ተዋስኦ ኤርትራዊ ኣብ ውሽጢ ይሃልው ኣብ ደገ ንልኡላውንት ሃገርን ኣብ ምምካት ኩሉ ዓይነት ውዲታትን ዘለዎ ክምህ ዘይብል ተወፋይነትን ፍቕሪ ሃገርን ኣጉሊሓ ተርኢ ብተዓዘብቲ ኣድናቖት ዝረኸበት ምርኢት ኢያ:: ኣብዚ መኸፈቲ ጽንብል ብዝተፈላለዩ ሃገራውያን ስነ-ጥበባውያን ዝተዳለዋ ሃደስቲ ዜማታትን ደርፍታትን ቀሪቡ:: ድሕሪ እዚ መኸፈቲ ጽንብል: ካብ ኤርትራ ዝመጽአት: ሕቡባት ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ክሳብ ሰዓት 02:00 ወጋሕታ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማ ዘለዎም ደርፍታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ክተዘናግዕ ሓዲራ::

ቀዳም ዕለት 17.07.2010 መደብ ፌስቲቫል ብስፖርታዊ ውድድራት ኢዩ ፈሊሙ:: ኣቲ ስፖርታዊ ውድድራት ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ሰዓታት ከኣ ቀጺሉ ውዒሉ:: ማዕረ-ማዕረ እዚ ቀዳም ካብ ሰዓት 12:00 ጀሚሩ ንኣጋይሽ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝተዳለወ ፍሉይ መደብ ተኻይዱ:: ኣምባሳደር ጴጥሮስ ንኣጋይሽ ናይ እንቋዕ መጻእኩም ቃል ኣስሚዑ:: ኣብ'ዚ ፍልይ መደብ ፈተውትን ኣዕሩኽን ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፎሞ:: እንግዶት ምሳሕን: ፍሉይ ወግዒ ቡንን ድማ ተገይሩሎም::

ብማሕበረ ኮም ፍራንክፈርት ዝተዳለወ "ኣምቢ ንእገዳ" ብዝብል ማዕረ ማዕረ ፈስቲቫል ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ምህላዉ ዳግም ዘረጋግጽ ሰላማዊ ሰልፊ ድሕሪ ምክያድ ሰዓት 17:00 ኩሉ ተሳታፋይ ፌስቲቫል ዓመት-ዓመት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ መግለጺ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ሰዒቡ:: ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ንውሽጣዊ መስርሕ ህንጸት ሃገርን: ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣመዝጊባቶ ዘላ ጋስጋስን: ህዝብን መንግስትን ዕብየትን ምዕባለን ሃገር ንምርግጋጽ ዝወስድዎን ዝወስድዎ ዘለዉ ስጉምትን: ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተስገደደ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ብስራሕ ንምምካቱን ዝተወስደን ዝውስድ ዘሎን ንጥፈታት ብስፊሕ ኣብሪሁ:: ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ዜጋ ንዝገብሮ ዘሎ ዘይሕለል መኸተን ኣበርኪቶን ንኢዱ። ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብቑዕ መልሲ ብምሃብ: ብተስተፍቲ ንዝተዋሃበ ርእይቶታት ሰሚዑ::

ድሕሪ እዚ ኣገዳሲ ሰሚናር ዝሰዓበ መደብ ምምራቕ ዕውታት ተመሃሮ ኢዩ:: ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2009/2010 ኣብ ዩኒቨርስቲ ትምህርቶም ዝወድኡ: ኣብ ዝተፈላለየ ማእከላት ትምህርቲ ሞያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ: ከምኡ እውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ዝዛዘሙ ኣስታት 50 ተመሃሮ ዝተዳለወሎም ምስክር-ወረቐት ካብ ኢድ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ኣምባሳደር ጴጥሮስን ተቐቢሎም:: ድሕሪ እዚ ካብ ሰዓት 20:30 ጀሚሩ መንእሰያት ንበይኖም ኩነታቶም ንምዝታይ ዘዳለዉዎ መደብ „ዘተ መንእሰያት“ ኣካይዶም:: ኣብ ናይ ቀዳም ምሸት መደብ ዝተፈላለዩ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ዝተሳታተፍዎን ብጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ዝደመቐን ባህላዊ መደብ ክሳብ ሰዓት 05:00 ወጋሕታ ቀጺሉ ሓዲሩ:: ጎድኒ-ጎድኒ እዚ መንእሰያት ብፍሉይ ኣብ ዘዳለውዎ „ጓይላ መንእሰያት“ ክዘናግዑ ሓዲሮም::

ሰንበት ዕለት 18.07.2010 ልክዕ ሰዓት 13:00 ብፕሮፌሰር በርሀ ሃብተገርግሽ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ኩነታት ኤርትራን ከባቢኡን ዝብል ኣስተምህሮ ቀሪቡ:: እዚ ኣስተምህሮ ኣብ ተሳተፍቲ ፍሉይ ጦብላሕታ ዘሕደረን መኸትኡ ንክሕይል ተወሳኺ ድፍኢት ዝሃበን ኣስተምህሮ ኢዩ ነይሩ::

ፌስቲቫል ኤርትራ ብማሕበረኮማት ዝተዋደደ መዘናግዒ ቦታታት: ብኣዴታት ግርማ ዝለበሰ ጽምእኻን ጥሜትካን ተርውየሉን ተዓንግለሉን ዳሳት: ህጻውንቲ ብፍሉይ ዝዝናግዕሉን ዝእለይሉን ኣብ „ቁሸት ህጻናት“ ዝዕንድርሉ: ስነ-ጽሑፍን ስእላዊ ምርኢትን ዝተንጸባረቐሉ: ዕዉት ሃገራዊ ውራይ ኢዩ ነይሩ:: ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ንተሳተፍቲ ኣይለቅቕን ኢየ ብምባል: ንተላህየቲ መመሊሱ ባህላዊ ናፍቆቶም ዘዕረገ መሳጢ ናይ መዘናግዒ መደብ ኣቕሪባ:: ፌስቲቫል ሽማግለ ንተሳተፍቲ ስለ እቲ ጭዋ ተሳትፎኦም ምስግናኣ ምስ ኣቕረበት ልክዕ ሰዓት 21:00 ምሸት ዕዉት ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ኣብ ጀርመን ብወግዒ ተዛዚሙ::